**በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ፣ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።**

# Eritrean Orthodox Tewahdo Diocese of North America
# 13th Annual Conference

July 21-24, 2011

St. Mary San Leandro, CA

"...በታ ሓንሳእ ንሓዋሩ ንቕዱሳን ዝተዋህበት እምነት ተጋደሉ..." ይሁዳ 4።

**መሪሕ ጥቕሲ ንመበል 13 ዓመታዊ ጉባኤ፡ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።**

**ቅድስቲ ማርያም ቤተክርስትያን ሳን ሊያንድሮ (ኦክላንድ) ካሊፎርንያ**

**ቀሺ ቴድሮስ ተስፋይ**

# “እምነት ክርስትና ክትፈልጦን ክትነብረሉን ዝተፈላለየ እዩ”

❖ ኣብ ሞንጎ ኣእምሮን (ቃልን) ልብን ዘሎ ፍልልይ እዩ ዘንጸባርቕ።

"...ሰብ ብልቡ ኣሚኑ ይጸድቕ፣ ብኣፉ መስኪሩውን ይድሕን።" ሮሜ 10፣10

❖ ፍልጠት ዝጎደሎ እምነት፣ ባህልን ኃይማኖትን ፈልዩ ኪርዳእ እይክእልን።

❖መንፈሳውነት ዝግደሎ እምነት ከኣ፣ ናብ ፈላስፋ እዩ ዝልውጠካ።

❖እምነትን ግብርን ዝብል ምጉት ኣብ ቤተክርስትያንና የሎን። ህያው እምነት ብግብሪ-ፍቕሪ’ዩ ዝግለጽ። ኣብ ሞንጎ ብህይወት ዘሎን ዘየሎን ሰብ ዘሎ ፍልልይ ኪምሰል ይኽእል። እዚ ምጉት’ዚ ኣብ ታሪኽ እታ ሓዋርያዊት ቤ/ክ ኣይነበረን፡ ኣማኢት ዕድመ ጥራይ ዘሎዎ ሓድሽ ትምህርቲ እዩ።

# “…ኣነ መገዲ፡ ሓቅን ህይወትን እየ። ብዘይ ብኣይ ናብ ኣቦ ዚበጽሕ የልቦን” ወ. ዮሃንስ 14፡6



## 1. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መገዲ እዩ።

- ❖ናብ ሰማይ ዘብጽሕ መገዲ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ጥራሕ እዩ።
- ❖ ካብዞም ኣቦታት ቤተክርስትያን ሓደ ቅ. ኣርሳንዮስ እዚ መገድዚ፣ ከምቲ መገዲ ምድረ-በዳን ዱርን ዘይኮነስ ንጹር ብምዃኑ ብልቡ ንዝወሰነ ቀሊልን ዝክኣልን መገዲ'ዩ ይብል።
- ❖"ኣነ ንዓለም ስዒረያ እየ'ሞ ንስኻትኩም'ውን ክትስዕሩዋ ኢኹም“ ዝብል ቃል የዘክረና”።

"ቅዱስ ጽርግያ" (ኢሳ 35፣8)። ዮሃንስ መጥመቕ ጸራግ መገዲ ኮይኑ ዘላለየና፣ ሓጢኣት ዓለም ዘርሕቕን ምስርእሱን ምስ ኣቦን ዘተዓርቕ መገዲ።

“…ኣነ መገዲ፡ ሓቅን ህይወትን እየ። ብዘይ ብኣይ ናብ ኣቦ ዚበጽሕ የልቦን” ወ. ዮሃንስ 14፡6




1. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መገዲ እዩ።

❖ እዚ መገዲ ንዅሉ ክፉት እዩ። ከምቲ ካልእ መገዲ ዘድክም ዘይኮነስ ዘዕርፍ እዩ።

❖ "እቱም ኩሉኹም እትጽዕሩን ጾር ዝኸበደኩምን፣ ናባይ ንዑ፣ ኣነ ኸኣ ከዕርፈኩም እየ።" ማቴ 11፣28።

❖ ናይ ቤተክርስትያን ቀዳማይ ተልእኾ እዚ እዩ። "እቲ መንፈስን፣ እታ መርዓትን (ቤተክርስትያንን) ንዓ ይብሉ ኣሎዉ፣…"ዝጸምአ ይምጻእ፣ ዝደለየውን ማይ ሕይወት ብኸምኡ ይውሰድ።" ራእ 22፣17

❖ ኣብ ማንም ቦታ ዘይርከብ ዕረፍትን ሰላምን ዝርከበላ ቦታ ምኳና ንቤተክርስትያን ፍልይቲ ይገብራ (ቀጻልነት ንዘይብሉ ዕረፍትን ባህታን ክንደይ ገንዘብን ጉልበትን'ዩ ዚሃልኽ?)

## "…ኣነ መገዲ፡ ሓቅን ህይወትን እየ። ብዘይ ብኣይ ናብ ኣቦ ዚበጽሕ የልቦን" ወ. ዮሃንስ 14፡6

1. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መገዲ ሓቂ እዩ።

❖ካልእ ባህርይ እዛ መገዲ ድማ ጸባብን ብሓቂ እትኽየድን እያ።

"በታ ጸባብ ኣፍ ደገ እተዉ፣ እታ ናብ ጥፍኣት እትወስድ ኣፍ ደገ ርሕብቲ፣ መገዳውን ገፊሕ እዩ፣ እቶም ብኣኣ ዚኣትዉ ድማ ብዙሓት እዮም። እታ ናብ ሕይወት እትወስድ ኣፍ ደገ ግና ጸባብ እያ፣ መገዳውን ቀጢን እዩ፣ እቶም ዚረኽብዋ ኸኣ ውሑዳት እዮም።" ማቴ 7፡13-14።



“…ኣነ መገዲ፡ ሓቅን ህይወትን እየ። ብዘይ ብኣይ ናብ ኣቦ ዚበጽሕ የልቦን” ወ. ዮሃንስ 14፡6

1. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መገዲ-ሓቂ እዩ።

❖ነዛ መገዲ ከባድ ዚገብራ ተነሲሕካ እምበር ምስ ሓጢኣትካ ዘይትኸየድ ስለዝኾነት። "ሥጋይ ዚበልዕ ደመይውን ዚሰቲ፣ ናይ ዘልኣለም ህይወት ኣላቶ ኣባይ ይነብር፣ ኣነውን ኣቡኡ ይነብር።" ዮሃ 6፣52-59።

❖ካልእ ነዛ መገዲ ከባድ ዚገብራ ብፍቕሪ እትኸየድ መገዲ ስለዝኾነት እዩ። ፍቕሪ ኣብታ ጸባብ መገዲ ምስ ዘሎዉ መጓዕዝትኻ፣ ፍቕሪ ኣብታ ገፋሕ መገዲ ምስ ዘሎ ብጻይካ (ብዓል ቃል ኪዳንካ፣ ቤተሰብካ፣ መስርሕትኻ፣ መማህርትኻ)።

❖ ደቂ መዛሙርተይ ምዃንኩም ብፍቕርኹም ከለልይኹም እዩ። "ኣምላኽ ፍቕሪ እዩ እሞ፣ እቲ ዘየፍቕር ንኣምላኽ ኣይፈልጦን እዩ።" 1 ዮሃ 4፣8

“…ኣነ መገዲ፡ ሓቅን ህይወትን እየ። ብዘይ ብኣይ ናብ ኣቦ ዚበጽሕ የልቦን” ወ. ዮሃንስ 14፡6

3. ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብሓቂ እንተኸድካዮ ጥራይ ጣዕሙ ዚፍለጥ ህይወት ዘሎዎ መገዲ እዩ።



❖መንግስተሰማያት ኣብ ሞንጎኹም ኣላ…

❖ ገለ ንምጥቃስ?

❖እነ ዚመጻእኩ “ህይወት ምስ ተረፉ ኪህበኩም እየ።” ዮሃ 10፡10

❖ብሓቂ እዚ ህይወትዚ ኣሎናዶ?

# “…ኣነ መገዲ፡ ሓቅን ህይወትን እየ። ብዘይ ብኣይ ናብ ኣቦ ዚበጽሕ የልቦን” ወ. ዮሃንስ 14፡6

- እኒ ዚመጻእኩ “ህይወት ምስ ተረፉ ኪህበኩም” ዮሃ 10፡10 እናበለ እንታይ ኮይና ድኣ ተረፍ'ሲ ይትረፍ ምሉእ ህይወት ኪህልወና ዘይክእል ዘሎ?
- እቲ ቀንዲ ጸገም ልባዊ ውሳኔ ስለዝንእሰናዩ?
- ንኣብነት ንነፋሪት እንዳተጠራጠርካዮ ኣብ ትደልዮ ትበጽሕ ኢኻ? ብምጥርጣር ጥዕሚዚ ዝብሃል ዘሎ ህይወት ኣይተስተማቕርን ኢኻ።

It has been said that it took God only one night to get Israel out of Egypt, but it took Him forty years to get Egypt out of Israel.

## “If you have never walked the walk, you can't talk the talk.”

- እዚ ብጐይታና ዝተዋህበና ህይወት ዘይነስተማቕሮ ከምዘሎና ዘረዱኡና ቡዙሓት እዮም
- 1. ህይወትና ኣብ ስርሕ፡ ገዛ፡ ደገ ብሓፈሻ ካብቲ ናይ ቤተክርስትያን ዝፍለ ብዙሓት ኢና። (ኣብነት ናይ ሓደ ፓስተር ኤትይስት ጸኒሑ ዝተመልሰ ወዱ)
- ምስ ውላድና ዘጋጥመና ጸገማት "Train up a child in the way he should go, and when he is old he will not depart from it" (Proverbs 22:6). (ኣብነት 4ይ ዓመታዊ ጉባኤ መንእሰያት / Youth Retreat ውሳኔንኡን...)

❖ ኣብ ቤት እግዚኣብሔር ማለት ኣብታ ናይ ሓቂ ዓንድን
መሰረትን ዝኾነት ቤተክርስትያን ህያው ኣምላኽ፡ ከመይ
ጌርና ክንነብር ከም ዝግብኣና ክትፈልጥ ጽሒፈልካ ኣሎኹ።¡
1ይ መልእኽቲ ጳውሎስ ናብ ብመንፈስ ወዱ ዝኾነ ጢሞቴዎስ
3፡15።

ንብፁእ ውቅዱስ ሣልሳይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ
ብጥዕናን ሰላምን ይሓልወልና!
ንብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብዚ ናይ ፈተና እዋን ኣብ
ኣገልግሎቶም ዓወትን ኣሳልጦን ይሃብ!
❖ንቤተክርስትያንናን ሃገርናን ድማ ሰላሙ ይሃብ።